ቢሮ ፀጥታን ምምሕዳር ክልል ትግራይ ን2011 ዓ/ም በጀት ዓመት ንቢሩኡ ግልጋሎት ዝዉዕል ዝተፈላለዩ ናውቲ ኤሌክትሮኒክስ፣ ዝተፈላለዩ ቀወምቲ ፈርኒቸር ብግልፂ ጨረታ አወደዳዲሩ ክገዝእ ይደሊ።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ቀዳም ጥሪ 25, 2011 (ልዕሊ 7 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: የካቲት 11, 2011 4:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:3000.00
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:20.00
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: የካቲት 11, 2011 4:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/ ናይ ቢሮ ፈርኒቸር/

1 ሕጋዊ ንግዲ ፍቃድ ዘለዎን ናይ 2011 ዓ/ም ንግዲ ፍቓድ ዘሐደሰን ዘይምለስ ፎቶ ኮፒን ዘቕረብ፣ እቲ ንግዲ ፍቃድ ዝንበብ ንፁር ክኸውን ኣለዎ።

2 Tin Number ዘለዎን አብ መቅረባይነት ዘተመዝገቡ ዘይምለስ ፎቶ ኮፒን ከቕርብ ዘክእል::

3 ቫት ዝተመዝገበን ዘይምለስ ፎቶ ኮፒን ዘቕርብ::

4 ናይ ጨረታ መኽበሪ ቢድቦንድ ሕጋዉነቱ ዝተረጋገፀ ሲፒኦ ወይም ጥረ ገንዘብ ብር 3000.00 (ሰለስተ ሽሕ) ብሽም ቢሮ ፀጥታን ምም/ር ክ/ትግራይ ክትሕዝ ዝኽእል::

5 ዝተዳለወ ናይ ጨረታ ዶክመንት ሰነድ ካብ ቢሮ ፀጥታ ንምም/ር ክ/ትግራይ ኣብ እንዳ ተ/ ሃይማኖት ቤትክርስትያን ፊት ንፊት ኮሚሳርያት ቢሮና ቢሮ ቁፅሪ 25 ካብ ደ/ ከ/ ስ/ ዕ/ ፋ/ ን/ ምም/ር ዘይምለስ 20.00 ብር ከፊልኩም ትወስዱ::

6 ተጫራታይ ነጋዶ እቲ ዓይነት ዝተፈላለዩ ኤሌክትሮኒክስ ዝ/ዩ ቀወምቲ ንበረት ፈርኒቸር ብንፁር በቲ ዝወፁ Specification መሰረት ናይ ሐደ ዋጋን ጠ/ዋጋን ስርዝ ድልዝ ዘይብሉ አብ ዝተአሸገ ፖስታ መሊኡ የቕርብ እቲ ንብረት ኦርጅናልን 1ይ ደረጃ ይኸዉን::

7 ኣሸናፊ ዝኾነ ነጋዳይን ዝሸነፎ ንብረት ብናይ ባዕሉ መጓዓዓዝያ ናብ መ/ቤትና ኣምፂኡ ከረክብ ዝኽእል ፤እቲ ንብረት Specification ትክክለኛ ምኮኑ ምስ ተረጋገፀ ኣታዊ ገይሩ ገንዝብ ይወስድ።

8 መክበሪ ዉዕሊ 10 % ካብ ዘሸነፎ ዓይነት ንብረት ቅድሚ ዉዕሊ ምእሳሩ ከትሕዝ ዝክእልን ዉዕሊ አሲሩ ንብረት ኣታዊ ዝገብርን።

9 ቢሮና ካብቲ ዝፍፀም ግዝኢት 20 % ምዉሳክን ምቅናስን ዝክእል ምኮኑ::

10 ኣብዚ ጨረታ ከጭበርብር ዝፈተነ ነጋዳይ ካብ ጨረታ ወፃኢ ምግባር ናይ ጨረታ መክበሪ ዘተሓዘ ገንዘብ ናብ መንግስቲ ካዝና አታዊ ኮይኑ ኣብ ካልኦት ጨረታ ከም ዘይሳተፍን ብሐጊ እዉን ተሓታቲ መኮኑ ክፈልጥ ኣለዎ፤

11 እቲ ጨረታ ኣብ አየር ዝፀንሐሉ ካብ ዕለት 25/05/2011 ዓ/ም ክሳብ ዕለት 11/06/2011 ዓ/ም ይኸዉን::

12 እቲ ጨረታ ዝዕሸገሉ ዕለት 11/06/2011 ዓ/ም ሰዓት 4:00 ኮይኑ በቲ ዕለት ሰዓተ 4:30 ባዕሎም ወይ ሕጋዊ ወከልቶም

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

ኣብ ዘተረኽብሉ ይክፈት ኮይኑ ግና ናይ ጨረታ መክበሪ እንተኣትሒዞም ንሳቶም ብዘይ ምህላዎም እቲ ጨረታ ክጉላእላእ ኣይክእልን ::

13 ብመምርሒ መሰረት ቫት 15 % ዊዘ ሆልድ 2 % ክኸፍል ምኻኑ ነፍልጥ::

14 መ/ቤትና ዝሐሸ መማረፂ እንተረኪቡ ነቲ ጨረታ ብምሉእ ይኹን ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሐለወ እዩ::

15 ቢሮና ዝርከብሉ እንዳ ተሃይማኖት ቤት ክርስትያን ፊትንፊት / ናይ ቅድሚ ሸሙ ኮሚሳርያት / ንዝበለፀ ሐበሬታ ብስልኪ ቁፅሪ 0344- 409947 ደዊልካ ምሕታትይካኣል::

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle